



# Orientation to Ontario

## ክንክን ቆልዓ

1-855-626-0002
https://orientationontario.ca



### ዓይነታት ክንክን ቆልዓ

ወጻኢታት ናይ ኩሉ ዓይነታት ክንክን ቆልዓ ሰፊሕ ኣፈላላይ እዩ ዘለዎ፣ ከምኡ ድማ ዝተፈላለያ ማእከላት ክንክን ቈልዑ ዝተፈላለየ መምርሒታት ኣለወን። ገሊኣን ዉላድካ ናይ ምሉእ ግዜ ተሳታፊ ክኸውን ዝሓታ እየን። ካልኦት ማእከላት ድማ ቈልዑ ኣብ ትርፊ ግዚኦም ወይ ኣብ ዝጠዓሞም ግዜ ዝካፈሉዎ ኣገልግሎት ይህባ። ነዊሕ ናይ ምጽባይ ግዜ ክህሉ ይኽእል እዩ።

### ፍቓድ ዘለወን ወሃብቲ ኣገልግሎት ክንክን ቆልዑ

ብመሰረት Day Nurseries Act (ሕጊ እንዳ ቈልዑ)፡ ንትሕቲ ዓሰርተ ዕድመ ዝኾኑ፡ ብዝሑም ልዕሊ ሓሙሽተ ኰይኖም ንሓድሕዶም ድማ ዝምድና ንዘይብሎም ቈልዑ ኣገልግሎት ክንክን ዝህቡ ሰባት ካብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ፍቓድ ከውጽኡ ይግብኦም። ፍቓድ ዘለወን ኣገልግሎት ክንክን ቈልዑ ዝህባ ማእከላት፡ ነቲ መዐቀኒታት ጥዕና፡ ድሕነትን ስልጠና ወሃቢ ክንክንን የማልእኦ ምህላወን ንምርግጋጽ ብቐጻሊ ብኣባላት ናይቲ ሚኒስትሪ ክትትል ይግበረለን። ፍቓድ ዘለወን ወሃብቲ ኣገልግሎት ክንክን ቈልዑ ኣብ ናይ ብሕቲ ገዛ፡ ኣብ ቤት-ትምህርቲ፡ ኣብ ናይ ማሕበረሰብ ማእከል፡ ወይ ድማ ኣብ ዝተፈልየ መሳለጥያ ክኾና ይኽእላ እየን። ፍቓድ ዘለወን ገሊኣን ማእከላት ክንክን ቈልዑ ብሕታውያን ክኾና ከለዋ፡ ካልኦት ድማ ምስ ወለዲ ብምሽራኽ ወይ ብሓገዝ ወለዲ ኣገልግሎት ይህባ።

በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኣቲኻ ብዛዕባ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዘሎ ንኣመራጺታት ናይ ክንክን ቆልዓ ዝምልከት ሓበሬታ ተወከስ findlink.at/childcare

### ፍቓድ ዘይብለን ወሃብቲ ኣገልግሎት ክንክን ቈልዑ

ዝምድና ንዘይብሎም ሓሙሽተ ወይ ካብኡ ንዝውሕዱ ቈልዑ ኣብ ገገዝኦም ኣገልግሎት ክንክን ዝህቡ ሰባት፡ ፍቓድ ከውጽኡ ኣየድልዮምን እዩ።

ፍቓድ ንዘይብለን ወሃብቲ ኣገልግሎት ክንክን ቆልዓ ኣብ እትመርጸሉ እዋን፡ ንዉላድካ ብቑዕ ክንክን ከምዝገብራሉ ዝህልወካ እምነት ኣብ ናይ በዓልካ ዉሳነ ዝተመርኰሰ ክኸውን ኣለዎ።

### ድጎማታት ኣገልግሎት ክንክን ቆልዓ

ንወጻኢታት ኣገልግሎት ክንክን ቆልዓ ክትከፍሎ ዓቕምኻ ዘየፍቅደልካ እንተኾይኑ፡ ብድጎማ ንኽሽፈነልካ ብቑዕ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ነቲ ናይ ምጥያስ ኣማኻሪኻ ሐተቶ ወይ ድማ በዚ ዝስዕብ ድራሻ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ተወከስ findlink.at/payingchc

ኣብ ጥቓኻ ወኪል ምጥያስ ንምርካብ፣ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ settlement.org

### CANADA CHILD BENEFIT (CCB (ናይ ቆልዓ ሓገዝ ካናዳ))

CCB ካብ ቀረጽ ናጻ ዝኾነ ወርሓዊ ክፍሊት ኰይኑ፡ ነተን ብቑዓት ዝኾና ስድራቤታት ትሕቲ 18 ዓመት ደቀን ኣብ ምዕባይ ንምሕጋዝ ተባሂሉ ይወሃበን። ንቈልዓ መባእታዊ ክንክን ክብ ሓላፍነት ዝኣለዎ ዝኾነ ሰብ ድማ ነዚ ሓገዝ እዚ ክረክብ ይኽእል እዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ንኣገልግሎት ካናዳ ተወከስ findlink.at/UChildCB

ኣገዳሲ መዘኻኸሪ

ኣብ ኦንታርዮ ክልተ ዓይነት ኣወሃህባ ክንክን ቆልዓ ኣሎ፡- ንሱ ድማ ፍቓድ ዘለዎን ፍቓድ ዘይብሉን እዩ። ነዚ ክልተ ምርጫታት ከኣ ኣብ ግምት ከተእትዎን ነቲ ንደቅኻ ዝበለ ኰይኑ ዝስምዓካ ክትመርጾን ይግባኣካ።

### ማእከላት ቀዳሞት ዓመታት ህጻናት ኦንታርዮ

ማእከላት ቀዳሞት ዓመታት ህጻናት ኦንታርዮ፡ ኣብታ ዞባ ኣብ ማእከላት ማሕበረሰብ ዝርከቡ መደባት እዮም።

ወለዲን ወሃብቲ ኣገልግሎት ክንክን ቆልዓን፡ ክሳብ ሽዱሽተ ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ ንኽጻወቱን ንኽመሃሩን ናብዘን ብመንግስቲ ዝምወላ ማእከላት ከምጽኡዎም ይኽእሉ እዮም። ንሳቶም ድማ ምስኣቶም ክመጹ ኣለዎም። እዘን ማእከላት፡ ብዛዕባ ንወለዲ ዝወሃብ ኣገልግሎታት እውን ሓበሬታ ይህባ እየን። ንኽትበጽሐን

Funded by / Financé par :

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada
Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada